BVOR

# ብለንድድ ቪዛ፡ ብቤት ጽሕፈት ዝተጠቆመ ፕሮግራም ምስፋር ስደተኛ አብ ካናዳ

## አገዳሲ ሓበረታ

አብ ካናዳ ክትመጽእ ድልየት ስለ ዘለካ ዘእተኻዮ መመልከቲ ብናይ ካናዳ ሓለፍቲ ናይ መፈለምታ ገምጋም ተዋሂብዎ አሎ። ሕጂ ኸዓ፡ ካብዚ ቀጺሉኸ እንታይ ኢዩ ዝግበር ኢልካ ትሓስብ ትህሉ ትኸውን። ናይ ስደተኛ ምኺን ረቋሒታት ምምላእካ እሞ ከም ስደተኛ ተቀባልነት ምርካብካ አብ ናይ ስደተኛታት ምምራጽ አገባብ ወይ ፕሮሰስ ዓቢ ስጉምቲ ኢዩ። ግን ናይ መጨረሻ ስጉምቲ አይኮነን።

**እዚ ዝስዕብ ብዛዕባ ካብዚ ቀጺልካ ዝውሰዱ ስጉምትታትን ብዛዕባ ካናዳን ዝገልጽ ሓበረታ ኢዩ። ብለንድድ ቪዛ ብቤት**



Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

Canada

© ከም ንግስቲ ኣብ መሰል ካናዳ ኣብ 2019 ብሚንስተር ስደተኛታትን ዜጋታትን ዝተወከለት

Ci44-20/2019Tir-PDF
978-0-660-32887-4
2627-11-2019

# ጽሒፈት ዝተጠቆመ ፕሮግራም

አብ ካናዳ፡ አብ ትሕቲ ብለንድድ ቪዛ ብቤት ጽሒፈት ዝተጠቆመ ብዝበሃል ፕሮግራም ክትሰፍር ትኽእል። እዚ ማለት መንግስቲ ካናዳን ብግሊ ስፖንሶር ዝገብር ጕጅለን ብሓንሳብ ይሰርሑ ምእንታን አብ ካናዳ ናይ መጀመርያ ዓመትካ ክሕግዙኻ ማለት ኢዩ።

አብ ካናዳ ምስ አቶኻ መንግስቲ ካናዳ ን6 አዋርሕ ዝኸዉን ናይ ቁጠባ ሓገዝ ክገብረልካ ኢዩ። ከምኡ እዉን መንግስቲ ኩሉ ዘድልየካ ናይ ሕክምና አገልግሎት ወጻኢታት ይሸፍነልካ።

ብድሕሪኡ ስፖንሶርካ ን6 ተወሳኺ አዋርሕ ናይ ቁጠባ ሓገዝ ክገብረልካ ኢዩ። ብድምሩ ናይ 1 ዓመት ናይ ቁጠባ ወይ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ትረክብ።

ከምኡዉን ስፖንሶርካ ብማሕበራዊ ናብራን ብስምዒታውን ማለት ስነ አእምራዊ ናብራኻ ንመጀመርያ ዓመትካ ክሕግዘካ ኢዩ።

ምስ ናይ ግሊ ስፖንሶር ምግጣም ማለት፡ ምስ ሓደ፡ ምእንታን አብ ሕብረተሰብ ካናዳ ብጽቡቕ ክተተአታቶ ወይ ክትለማመድ ክሕግዘካ ዝተሃንጠየ ጋንታ ትዛመድ አሎኻ ማለት ኢዩ።

እዞም ሰባት እዚአቶም ክሕግዙኻ መንግስቲ አይትኽፍሎምን ኢያ። ክሕግዙ ስለ ዝደለዩ ብድልየቶም ስፖንሶር ክገብሩኻ መብጽዓ ዝአተዉ ሰባት ኢዮም። ስፖንሶር ዝገብሩ ጕጅለታት ባዕሎም ክሕግዙኻ ገንዘብ ይእክቡ ህያብ እዉን ይሓቱ።

አብ ካናዳ አብ ትሕት እዚ ፕሮግራም እዚ እንተመጺካ፡ ከምቶም ብፕሮግራም ናይ መንግስቲ ሓገዝ ዝመጹ ልክዕ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ። አብ ለዕሊኡ ግን አብ ናይ ካናዳ ናብራ ብጽቡቕ መልክቅ ክተተአታቶ ወይ ክትጅምር ናይ ግሊ ስፖንሶር ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ።

አብ ካናዳ ንኽትመጽእ ፍቃድ እንዳ ተጸበኻ ከሎኻ፡ ምስ ስፖንሶር ዝገበሩኻ ሰባት ክትራኸብ ነተባብዓካ። እዚ ብመልክዕ ኢመይል፡ ስልኪ፡ ወይ ብዝተፈላለየ መልእኽቲ ኢንተርነት ክኸዉን ይኽእል።

## ናይ ምምልካት አገባብ ወይ ፕሮሰስ - ካብዚ ቀጺልካ ዝውሰድ ስጕምቲ

- ንስኻን አባላት ስድራ ቤትካን ቅድሚ ካናዳ ምምጻእኩም ናይ ሕክምና መርመራ ክትገብሩ ይግበአኩም።
- ናይ ሕክምና መርመራ፡ ምስ ቅድሚ ምንቃልካ ዝግበር ካልእ ናይ ሕክምና አገልግሎታት፡ ብመንግስቲ ካናዳ ኢዩ ዝኸፈል።
- ድሕሪ ቃለ መሕትት ማለት ኢንተርቪዩ፤ ንሕክምና ክትጽዋዕ ብአዋርሕ ዝቑጸር ጊዜ ክወስድ ይኽእል። ድሮ መርመራ ዘይገበርካ እንተዘይኮንካ፡ ኢንተርናቲኦናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ዝበሃል ትካል ወይ ድማ ቤት ጽሒፈት ናይ ኢሊግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ምስ ዝያዳ ሓበረታ ክራኽቡኻ ኢዮም።
- ናይ ገበንን ናይ ጸጥታን ምርመራ እዉም ክትገብር ይግበአካ። እዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ከቢድ ገበን ከምዘይፈጸምካን ከምኡ እዉን ናይ ጸጥታ ጠንቂ ከምዘይኮንካን ንምርግጋጽ ኢዩ።
- ናይ ካናዳ ናይ መንግስቲ ሓለፍቲ ንናይ ሕክምናን፡ ጸጥታን፡ ገበንን ምርመራ ምሕላፍካን ምትራፍካን ክውስኑ ዘእቶኻዮ ምልክታ ክምርምርዎ ኢዮም። እንተዘይተሓቲትካ፤ ካልእ ሓበረታ ምእታው አየድልየካን ኢዩ።
- ናይ ሕክምናን፤ ጸጥታን፤ ገበንን ምርመራ እንተዘይሓሊፍካ፡ አብ ካናዳ መጺእካ ክትነብር አይክትምረጽን ትኽእል።

- እንተድአ ናይ ሕክምናን፤ ጸጥታን፤ ገበንን ምርመራ ሓሊፍካ፡ ኒኢንተርናሾናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ወይ ካልእ ትካል፡ ንካናዳ ንምምትመጽእ ክትቀራረብ ክሕግዙኻ ክትሓቶም ኢያ።
- አብ ገሊአተን ሃገራት፡ ቅድሚ ምንቃልካ፡ ብነጻ ዝወሃብ ዓዲ መተአታተዊ ወይ መላለዪ ትምህርቲ ክትወስድ ክትዕደም ኢኻ። እዚ፡ አብ ወጻኢ ምስ ካናዳ ምልላይ፡ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ነጻ ትምህርቲ እዚ ብመንግስቲ ካናዳ ዝኸፈል ኮይኑ፤
- ብ ኢንተርሽናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ትካል ኢዩ ዝወሃብ። አብዚ ትምህርቲ እዚ፡ ብዛዕባ ካናዳን ብዛዕባ አብ ካናዳ ምስ አቶኻ ምስ ዓዲ ክትላለ ክትጥቀመሎም ትኽእል አገልግሎታትን ኢኻ ትመሃር።
- አብ ዘሎኻዮ ሃገር አብ ናይ ወጻኢ ምስ ካናዳ ምልላይ ትምህርቲ ክትሳተፍ እንተዘይታዓዲምካ ንስፖንሶርካ ንገሮም፡
- ንሳቶም ካናዳ ምስ አቶኻ ዘድሊ ሓበረታ ከምዝወሃበካ ክገብሩ ኢዮም።

## ንቕሎ ንካናዳ

- ኩሉ መርመራታትካ ምስ ሓለፍካ፡ ከምኡውን ኩሉ ወረቃቅትኻ ምስ ተዳለወ፡ ናብ ካናዳ ጉዕዞኻ መስርዑ ክሕዝ ኢዩ።
- አብ ገሊአተን ሃገራት፡ ቅድሚ ምንቃልካ፡ ናይ ይሕለፍ ፍቃድ ክፍሊት ንመንግስቲ እቲ ዓዲ ክትከፍል ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። እቲ ክፍሊት ባዕልኻ ኢኻ ክትከፍሎ። ይኹን እምበር ኢንተርናሽናል ኦርጋኒዘሽን ፎር ማይግረሽን አብቲ ናይ ክፍሊት አፈጻጽማ አገባብ ክትሕግዘካ ትኽእል ኢያ።
- ፓስፖርት ወይ ካልእ ሕጋዊ ናይ መንቀሳቀሲ ወረቀት እንተዘይብልካ፡ መንግስቲ ካናዳ ንካናዳ ክትምጽእ ምእንቲ ክትክእል ናይ መንቀሳቀሲ ወረቀት ክህበካ ኢዩ።
- መንግስቲ ካናዳ ናብ ካናዳ ናይ ምጋሽ ወጻኢ ክትሸፍን ምእንቲ ክትክእል ለቃሕ ክህበካ ኢዩ።
- እዚ ገንዘብ እዚ **ለቃሕ** ኢዩ፡ ማለት ሙሉእ ብምሉኡ ንመንግስቲ ካናዳ አብ ዉሽጢ ካብ 3 ዓመት ዘይውሕድ ካብ 8 ዓመት ከአ ዘይበዝሕ ክትመልሶ አለካ። እቲ ግዜ ከም ብዝሒ ለቃሕ ይፈላለ።
- አብ ዉሽጢ ሓደ ዓመት ክትመልሶ ክትጅምር አሎካ። ስፖንሶርካ ነዚ ገንዘብ እዚ አይከፍለልካን ኢዩ።
- ክትነቅል ከሎኻ ናብ መዕረፍ ነፈርቲ ንምኻድ ከምኡ ምስ ናይ ኢሚግረሽን ሓለፍቲ ዘድሊ ምስልላጥ ንምግባር ሓገዝ ክወሃበካ ኢዩ።
- አብ ካናዳ ናይ መጨረሻ ቦታኻ ምብጻሕ፡ ነዊሕ ጉዕዞ ክኸውን ይኽእል። መግቢ ክትማላእ ሕሰብ መእንታን አብ አየርን አብ መዕርፎ ነፈርትን መግቢ ንምዕዳግ ከይትግደድ።

# ካናዳ ምእታው




- አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ አባላት አገልግሎት ዝህባ ትካላት፡ አድላዪ እንተኾይኑ ምስ አስተርጓሚ፡ ካብ አየር ምስ ወረድካ ክቕበሉኻ ምስ ናይ ኢሚግረሽን
- ጉዳያት ምስልላጥ እውን ክሕግዙኻ ኢዮም።
  አብ ካልእ አየር ምስጋር ዘድሊ እንተኾይኑ ከዓ አብ ናይ ጉዕዞኻ መጨረሻ
- ክትበጽሕ ክመርሑኻ ኢዮም። ቅድሚ ናብ ካልእ አየር ምስጋር ነዊሕ ሰዓታት ትጽበ እንተኾንካ፡ መግብን ትድቕሰሉ ቦታን ክህቡኻ ኢዮም።
- ድሮ አብ ናይ ጉዕዞኻ መጨረሻ በጺሕካ እንተኾይንካ፡ ምስ አብ መዕረፍ
- ነፈርቲ ዝጽበ ዘሎ ስፖንሰርካ ከራኽቡኻ ኢዮም።
  ስፖንሰርካ አብኡ ትዓርፈሉ ቦታ፡ ከም አፓርትመንት፡ ገዛ ወይ ሆተል ክወስደካ ኢዩ።
- አብ ገሊኡ ኩነታት፡ቅድሚ አብ ምዱብ መዕረፊ ምእታውካ፡ ንዝተወሰነ መዓልታት ወይ ሰሙናት አብ ጊዜያዊ መዕረፊ ክትጸንሕ ይኽእል።
- ምስ መጻእካ ስፖንሰርካ ዝተወሰነ አቑሑት ወይ ስፐዛ ክህበካ ከምኡ ድማ ንዓኻ ዝኸዉን ምግብን ክዳውንትን ካብቲ መንግስቲ ዝህበካን ናይ ግሊ ስፖንሰርካ ዝህበካን ገንዘብ ክትዕድግ ክሕግዘካ ኢዩ።
  ናይ ዊንተር ማለት ናይ ቁሪ ክዳውንቲ እዉን ክወሃበካ ይከአል።
  ስፖንሰርካ ብዛዕባ ሕይወት አብ ካናዳ ዘለካ ኩሉ ሕቶታት ይምልሰልካ፡ ነዚ ዚስዕብ ሓገዛት እዉን ይገብረልካ፡

  - አስተርጓሚ ምርካብ
  - ናይ ስድራ ሓኪምን ናይ ስኒ ሓኪምን ምርካብ
  - ናይ ትነብረሉ ዘሎኻ ጠቕላይ ግዝአት ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ምምልካት
  - ደቅኻ ትምህርቲ ክአትዉ ምስልላጥ
  - ምስ ከማኻ ዝአመሰሉ ማለት ከም ናትካ ባህልን ዝንባሌታትን ዘለዎም ሰባት ንምርኻብ
  - ናይ ባንኪ፡ ናይ መጕዓዝያ ወዘተ አገልግሎት፡ ንምጥቃም
  - ምስ ብመንግስቲ ዝሕገዙ ንሓደሽቲ ሰፈርቲ ዝወሃቡ አገልግሎታት፡ ከም ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ ስራሕ ምርካብ ዝአመሰሉ ምግጥጣም

ስፖንሰርካን መንግስቲ ካናዳን ምስ ናብራ ናይ ካናዳ ክትላለ ናይ መፈለምታ ሓገዛት ክገብሩልካ ኢዮም።
ግን ከዓ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ትጽቢት ካይትገብር አገዳሲ ኢዩ።

ናይ ካናዳ ሕይወትካ ብዓወት ዝተመልኤ ንግትገብሮ አበርቲዕካ ክትሰርሕ ተቀረብ።

ቁጠባዊ ሓገዝ ካብ ስፖንሰርካን ካብ መንግስቲ ካናዳን ካብ ዝመጻእካሉ ጊዜ ጀሚርካ ክሳዕ ሓደ ዐመት ወይ ድማ ነብስኻ ክሳዕ ትኽእል ኢዩ፡ አቀዲሙ እንተ ሰለጠ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ንነብስኻን ስድራኻን ክትአሊ ክትክእል የድልየካ።

# ምስ ስድራኻ ኣብ ሓዲሽ ሃገር ምስፋር



ንስኻን በዓልቲ ቤትካን፡ ምስ ብኣኹም ዝሕገዙ ደቅኹምን፡ ብኣኹም ዝሕገዙ ደቂ ደቅኹምን፡ ኣብ ሓደ ናይ ኢሚግረሽን ፎርም ብሓባር ኣመልኪትኩም ብሓንሳብ ንካናዳ ክትመጹ  ትኽእሉ።

ኣብ ናይ ቃል ኪዳንካ ናብራ **ዝኾነ ለውጢ** እንተሎ (ንኣብነት እንተተመርዒኻ ወይ እንተተፋቲሕካ) ወይ ኣብ ዝኾነ ጊዜ ቅድሚ ንካናዳ ጉዕዞኻ ቆልዓ እንተ ድኣ ወሊድካ፡ ንናይ ሕቡራት መንግስታት ናይ ስደተኛታት ትካል (UNHCR) ንሓለፍቲ መንግስቲ ካናዳን **ክትነግርዮም ይግበኣካ**። እዚ ምእንታን ሓደሽቲ ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብ ናይ ኢሚግረሽን ማመልከቻኻ ንኽኣትዉ ማለትኢዩ።

ብመልክዕ ስድራ ኣብ ካናዳ ክትሰፍር ከም ትደሊ ንስፖንሶርካን ንሓላፍቲ መንግስቲ ካናዳን ክትነግር **ኣዚዩ ኣገዳሲ** ኢዩ። ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤትካ ኣብ ማመልካቻኻ ከተእትዎም ኣሎካ። እንተድኣ ንበዓል ሓላፍነት ካናዳ ብዛዕባ በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ንካናዳ ቅድሚ ምንቃልካ ዘይነገርካ፡ ንሓዋሩ ንካናዳ ንኽመጹ ስፖንሶር ክትገብሮም ኣይትኽእልን ኢኻ።

ድሮ ኣብ ካናዳ ዝቕመጡ ኣዝማድ ወይ ቀረባ ፈተውቲ እንተ ኣለዉኻ፡ ኣብ ጥቅኦም ክትቕመጥ እንተ ደሊኻ ንUNHCRን ንሓለፍቲ መንግስቲ ካናዳን ሓብር። ብዝተኻእለ መጠን ካናዳ ንስደተኛታት ኣብ ንሶም ዝፈልጥዎ ሰብ ሓገዝ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ማሕበረ ኮም ክተስፍሮም ኢያ ትፍትን።

ብብለንድድ ቪዛ ብቤት ጽሕፈት ዝተጦቅመ ፕሮግራም ስለ ትመጽእ ዘለኻ ኣብ ናትካ ስፖንሶር ጉጅለ ኣብ ዘለዎ ከተማ ወይ ከባቢ ኢኻ ክትሰፍር። ኣብ ስፖንሶርካ ወይ ናቱ ወኪል ዝሰፍረሉ ማሕበረ ኮም ኣዝማድ ወይ ምስኦም ርክብ ዘለካ ሰባት እንተ ሃልዮም ኣብኡ ከስፍሩኻ ክፍትኑ ኢዮም።

ኣዝማድካ ወይ ምስኦም ርክብ ዘለካ ሰባት ናብ ካልእ ከተማ እንተድኣ ቀዪሮም፡ ብኽብረትካ ንስፖንሶርካ ቀልጢፍካ ሓብር ምእንታን ተዘራሪብኩም ኣብቲ ሓዲሽ ኮሙኒቲ፡ ንሓዲሽ ሰፋሪ ዝኣክል ሓገዝ ምህላዉን ዘይምህላዉን  ክትውስኑ።

ኣብ ኣፕሊከሽንካ ምሳኻ ዘይመጹ እሞ ካባኻ ዝጽበዩ ኣባላት ስድራኻ ኣመልኪትካ ትህሉ ትኸውን። ኣብ ካናዳ ምስ ሰፈርካ፡ ነዞም ስድራ በትካ ናይ ሓደ ዓመት ዕድል መስኮት ብዝተባህለ ፕሮግራም ተጠቒምካ ከተምጽኦም ትኽእል። ኣብ መጀመርያ ዓመትካ ኣብ ካናዳ፡ ኣብ ቅድሚ ንካናዳ ምንቃልካ ዘእቶኻዮ ኣፕሊከሽንካ ክሳዕ ዘለዉ፡ ነዞም ሰባት እዚኦቶም ከተምጽእ ከተመልክት ትኽእል፡ በዓልቲ በትካ፡ ብቃል ኪዳን ዘይኮነ ግን ብሕጊ ምሳኻ/ኺ ትቕመጥ ዝነበረት ወይ ዝነበረ፡ ካባኻ ዝጽበ ውላድ፡ ወይ ውላዱ ንካባኻ ዝጽበ ምሳኻ ዘሎ ዉላድ።

ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤት፡ ከም ወለድቲ፡ ዓባይ/ኣቦሓጎ፡ ወይ ኣሕዋትን ኣሓትን ናቶም ኣፕሊከሽን ከእትዉ ኣለዎም ንስፈራ ኣብ ግምት ክኣትዉ። ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ፣ ሓድሓደ ዘድልዩ ነገራት ምስ ኣማላእካ ኣባላት ስድራ ቤትካ ንካናዳ ክፈልሱ ስፖንሶር ክትገብሮም ትኽእል። ብዝኾነ፡ ኣገባብ ወይ ፕሮሰስ ነዞም ኣባላት ስድራ ከተምጽእ ነዊሕ ጊዜ ክወስድ ይኽእል፡ ኣባላት ስድራ ቤትካ ከይረአኻ እዉን ዓመታት ክትጽበ ትኽእል።

ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ከም እኒ ድሙ ከልቢ ዝኣመሰሉ እንስሳታት ናይ ጉዕዞ ምስልላጥ ኣይትገብርን ኢያ፡ ሕጋዊ ዝኾነ ንሰብ ዝሕግዝ እንስሳ ኮይኑ ካናዳ ንኽመጽእ ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ እንተዘይኮይኑ። ስደተኛታት ናይ ገዛ እንስሳት ብዝምልከት ናይ ግሉም ናይ ጉዕዞ ምስልላጥ ክገብሩ ኣለዎም።

## ናይ ኢሚግረሽንካ ኩነታት

ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ፡ ናይ ሓዋሩ መንበሪ መረጋገጺ ወረቀት፡ ኣብዚ ንኹሉ ግዜ ከም ተቐማጢ ኮይንካ ክትነብር ትኽእል ዝብል ክወሃበካ ኢዩ። እዚ ማለት ኣብ ካናዳ ንመዋእልካ ክትነብር ብሕጊ ተፈቂዱልካ ማለት ኢዩ። ክትሰርሕ ወይ ትምህርቲ ክትከይድ ትኽእል።

ቅድሚ ዜግነት ካናዳ ምሕታትካ፡ ንክንደይ ዝኸውን ግዜ ክትቅመጥ፡ ብኣካል ኣብ ውሽጢ ካናዳ ክትርከብ፡ ክምዘለካ ከተማልኦም ዘለካ ኩነታት ኣለዉ። ነቲ ኹሉ ዘድሊ ምስ ኣማላእካ ዜግነት ካናዳ ንምርካብ ከተመልክት ትኽእል።

ዝያዳ ሓበረታ ኣብ
https://www.canada.ca/en/immigration-refugees-citizenship/services/canadian-citizenship/become-canadian-citizen.html
ወይ ካብ ስፖንሶርካ ክትረክብ ትኽእል።

## ኣብ ካናዳ ኣበይ ከም ትቕመጥ




ካናዳ ብዙሕ ዓድታትን ከተማታትን ከምኡ ከዓዉሑድ ወይ ማንም ሰብ ዘይቕመጠሉ ቦታታት ዘለዋ ካልኣቲ ዝዓበየት ሃገር ኣብ ዓለም ኢያ። ዝበዝሓ ዓበይቲ ከተማታት ኣብ ደቡባዊ ካናዳ፡ ጥቃ ዶብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኢየን ዝርከባ።

መብዛሕትአን ሰብ ዝቕመጠለን ከባቢታት ካብ ሓድሕደን ርሑቓት ኢየን ኦሞ ነዊሕ ግዜ ይወስድ ክትበጽሐን፡ ዋላ ብኣየር። ንኣብነት ራሕቂ እተን ዝዓበያ ከተማታት ካናዳ፡ ቶሮንቶን ቫንኩቨርን ካብ 4,300 ኪሎ መትር ንላዕሊ ወይ ዳርጋ 3 መዓልቲ ብኣውቶቡስ ኢዩ።

ኣብ ስፖንሶርካ ዝቕመጡላ ዓዲ ወይ ከተማ ክትሰፍር ኢኻ።

ናይ ግሊ ስፖንሶራት ክሕግዙኻ ቃል ዝኣተዉሉ፡ ኣብቲ ንሳቶም ዝቕመጡሉ ኮሙኒቲ ከምትቕመጥ ብምሕሳብ እሞ ምስኦቶም ብምትሕብባር ነብስኻ ንኽትክእል ኢዩ። ዋላኳ ኣብ ዝደለኻዮ ቦታ ናይ ካናዳ ክትንቀሳቀስ መሰል እንተ ኣለካ፡ ናይ ግሊ ስፖንሶራት ሓገዝ ክህቡኻ ሓላፍነት ዘለዎም ንመጀመርያ ዓመትካ እሞ **ኣብ ናቶም ኮሙኒቲ እንተለኻ ጥራሕ ኢዩ**።

እንተድኣ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ካናዳ ክትቕይር መዲብካ፡ ስፖንሶርካ ሓገዝ ከይገብረልካ ይኽእል፡ ከምኡ እውን ኣብዚ ግዜ ስፖንሶርሺፕ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ከይህልወካ ይኽእል።

## ናይ ካናዳ ሕብረተ ሰብ



አብ ካናዳ ሰብኡትን አንስትን ማዕረ ኢዮም። ሓደ መሰል አለዎም እሞ ልከዕ ደረጃ ናይ አኽብሮት ኢዩ ዝወሃቦም። ሰብኡትን አንስትን ናይ ኩሉ ሕብረተ ሰብ ደረጃን፡ ባህልን ዓለትን ሃይማኖትን ምስ ሓድሕድ ይዋስኡ እሞ ብሓደ ዓይኒ ይረአዩ።

አብ ካናዳ ሓሳባትካ ክትገልጽ ነጻ ኢኻ፡ ካልኦት ከአ ከምኡ ክገብሩ መሰሎም እንዳሓሎኻ።

ንሰብኡትን አንስትን ቆልዑትን ዝኾና ብዙሓት ኮሙኒቲታትን መሓብራትን አለዋ አባል ክትከዉን እንተድአ ደሊኻ። አብ ናይ ስፖርት ምንቅስቃስ ከም ኩዕሶ እግሪ፡ ምሕንባስ እዉን ክትሳተፍ ትኽእል። ከምኡ እውን ብዙሕ ምስ ስድራኻ ክትገብሮ ትኽእል ምዝንገዓት  አሎ።

ምናልባት ምስ ሙሉአት ስድራ ቤትካ ኲንካ ናቶም ሓገዝን ደገፍን ዝለመድካ ትኸዉን። ካናዳ ምስ አቶኻ ጽምዋ ክስምዓካ ይኽእል፡ ግን ንበይንኻ አይኮንካን። እንተድአ አተሓሳሲቡካ ንስፖንሶርካ ወይ ንሓደ አብ ትቅመጠሉ ኮሙኒቲ ዝነብር ሰብ ተዛረብ። ምስ ናብራ ናይ ካናዳ ክትለማመድ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብዙሓት ሰባት አለዉ።

## ሕግታት ካናዳ




ሕግታት ካናዳ ናይ ኩሉ ሰብ መሰረታዊ መሰላትን ነጻነትን፡ ምስ ሓርነትን ማዕርነትን የረጋግጹን ይሕልዉን ። ናይ ካናዳ ናይ ነጻነትን ሓርነትን ቻርተር ናይ ካናዳ ቅዋም አካል ኢዩ። ካናዳ ካብ ዝአቶኻሉ ጊዜ ጀሚሩ ይከላኸለልካ።

ሐድሓደ ተግባራት አብ ትቅመጠሉ ዝነበርካ ዓዲ ወይ ዓድኻ ብሕጊ ዘይተኸልከለ አብ ካናዳ ዘይሕጋዊ ክኸዉን ከም ዝኽእል ተገንዘብ። አብ ካናዳ ሰበይቲ ወይ ቆልዓ ምህራም፡ ቆልዑት ብዘይ ሓለዋ ዓበይቲ ምግዳፍ፡ መኪና ብዘይ ዉሕስና ማለት ኢንሹራንስ ምዝዋር፡ ወይ ንአሽቱ ቆልዑት ብዘይ ናይ ቆልዑት ናይ መኪና ኩርሲ ምውሳድ፡ ዘይሕጋዊ ኮይኑ ብገበን የሕትት። ከምኡ ድማ አብ ሓፋሽ ዝርእየካ ምሻንን ደገ ምውጻእን ዘይሕጋዊ ኢዩ። አብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ነጻ ሽቃቃት አሎ።

ብዛዕባ ናይ ካናዳ ሕግታትን ናይ ፍትሒ ስርዓትን ዝያዳ ሐበረታ አብ ወብ ሳይት ናይ መንግስቲ ካናዳ አሎ።

# ቋንቋ




ካናዳ 2 ወግዓዊ ቋንቋታት አለዋ፡ እንግሊዝን ፈረንሳን። ክእለት እንግሊሽ ወይ ፈረንሳ ብጣዕሚ አገዳሲ ኢዩ አብ ካናዳ ክትሰፍር ክሕግዘካ።

ኢንግሊሽ እቲ ብመብዛሕትአን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ዝዝረብ ቋንቋ ኢዩ። ፈረንሳ ናይ ኵበክ ዝዝረብ ቀንዲ ቋንቋ ኢዩ፡ ይኹን እምበር ፈረንሳ ዝዛረባ ኮሙኒቲታት አብ ኩለን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ይርከባ። ከምኡ እዉን ኢንግሊሽ ዝዛረቡ ብዙሓት ተቀመጥቲ ኵብክ አለዉ።

ጽቡቅ ምልኪ ናይ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ፡ ስራሕ ንምርካብ፡ ትምህርቲ ንምኻድ፡ አገልግሎት ንምጥቃም፡ ከምኡ እዉን አዕሩኹት ንምግባር ይሕግዘካ። እንተኸኢልካ ፍረንችኻ ወይ ኢንግሊሽካ ቅድሚ ንካናዳ ምምጻእካ ከተመሓይሽ ፈትን።

አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ መንግስቲ ዝኸፍሎ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል ብነጻ። ስፖንሶርካ፡ ናይ ቋንቋ ክእለት ደረጃካ ንምፍላጥ አበይ ከድካ መርመራ ክትወስድ ከምትኽእልን አበይ ከድካ አብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ከምትምዝገብን ሓበረታ ክህበካ ኢዩ።

# ስራሕ ምርካብ

ዋላኳ ንስኻን ስድራኻን ንመጀመርያ ዓመትኩም ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረኽቡ እንተኾንኩም፡ ስራሕ ንምርካብ ምቅርራብ ጽቡቕ ኢዩ፡ ምእንታን ንነብስኻን ንስድራ ቤትካን ክትናቢ።



ዝበለጸ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ ምዝራብ ምኽአልካ ብዝቀለለ ስራሕ ክትረክብ የኽእለካ። መብዛሕትኦም ሕጋውያን ስራሓት ወይ ሙያታት፡ ነዚ ዝስዕብ ይሓቱ፡

- ጽቡቕ ምልኪ ኢንግሊሽ ወይ ፈረንሳ
- ልዑል ፍልጠት ናይ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ቋንቋ
- ርድኢት ገለ ገለ አበሃህላታት ወይ አዘራርባታት ገሊአቱ አብ ካናዳ ጥራሕ ዝዝውተር ክኸዉን ይኽእል።

እንተኺልካ አብ ዓውዲ ስራሕካ እንታይ ዓይነት ቋንቋ ከም ዘድሊ ክትፈልጥ ፈትን። አብ ካናዳ ምስ መጻእካ ስፖንሶርካ አብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ክትምዝገብ ክሕግዘካ ኢዩ። ስፖንሶርካ ምስ ብዛዕባ ስራሕ ንምርካብ ናይ ሓባር ወይ ናይ ግሊ ናይ ነጻ ሓበረታ አገልግሎት ዝህቡ ከራኽበካ ይኽእል።

ናይ ዩኒቨርሲትየ ዲግሪ፡ ወይ ናይ ኮለጅ ዲፕሎማ ወይ ናይ ሙያ ሰርቲፊከት እንተለካ አብ ካናዳ ተቀባልነት ከይህልዎ ይኽእል። ናይቲ ትቕመጠሉ ዘሎኻ ጠቕላይ ግዝኣት መንግስቲ ወይ ተቆጻጻሪ አካል እዩ፡ ዲግርኻ ወይ ዲፕሎማኻ ተቀባልነት ከምዘለዎን ከምዘይብሉን ዝውስን። አገልግሎት ዝህባ ትካላት እዉን አብዚ ጉዳይ እዚ መምርሒ ክህባኻ ይኽእላ።

ናይ ነጻ አገልግሎት ምህብ እዉን ሓደ መገዲ ናይ ካናዳ ናይ ስራህ ልምዲ ምርካብ መገዲ ኢዩ። ዋላኳ ክፍሊት እንተዘይብሉ፡ ናይ ቋንቋኻ ክእለት ከተመሓይሽ ትኽእል፡ ከምኡ ውን ስራሕ ንምርካብ ዘኽእለካ ናይ ስራሕ ልምድን ፍልጠትን ክትቀስም ትኽእል። ከምኡ ድማ ብጣዕሚ ጽቡቕ አገባብ ናይ ምስ ኮሙኒቲኻ ምሕዝነት ምፍጣርን ምልላይን ኢዩ።

## ናይ ስራሕ ኣገልግሎት

ናይ ሰፈራ ኣገልግሎታት ብኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ (ኣብ ኲበክ ክአ ብ ሚኒስተር ደ ኢሚግራሲዮን፣ ደ ላ ዲቨርሲተ ኣ ደ ኢንክሉሲዮን ኦ ኲበክ) ዝምወሉ ወይ ብገንዘብ ዝሕገዙ ኮይኖም ንኩሎም ናይ ሓዋሩ ተቀማጦ ካናዳ፡ ሓደሽቲ ሰፈርቲ ወሲኽካ ኣገልግሎት ይህቡ። እዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ነጻ ኢዮም፡ ብዝያዳ ናብ ናብራ ናይ ካናዳ ንክትተኣታቶ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

ብዙሓት ቅድሚ ምንቃልካ ብዛዕባ ናብራ ናይ ካናዳ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ኣብ ናይ [ኢሚግረሽንን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ] ወብሳይት ኣለዉ። ማመልከቻኻ ወይ ኣፕሊከሽንካ ተቀባልነት ረኺቡ ምስ ሰማዕካ ነዞም ኣገልግሎታት እዚኣቶም ክትጥቀመሎም ትኽእል።
ካናዳ ምስ ኣቶኻ፡ ናብ ህይወት ናይ ካናዳ ክትተኣታቶ ዝተፈላለየ ዓይነት ናይ ነጻ ኣገልግሎታት ዝህቡ ናይ ሰፈራ ሰብ ሙያ ኣለዉ። ካብዚኣቶም ሓድሓደ፡ ስራሕ ምርካብ፡ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ ስራሕ ዝምልከት ትምህርቲ፡ ኣገልግሎት ንመንእሰያትን ንሽማግለን፡ ወዘተ ኢዮም።

ሙሉእ ዝርዝር ወይ ሊስታ ናይ ብኢሚግረሽንን፡ ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ብገንዘብ ዝሕገዙ ናይ ሰፈራ ኣገልግሎታት ክትርኢ [ኣብዚ] ጠዉቕ።

## ናይ ገንዘብ ወጻኢታት

ካናዳ ምስ ኣቶኻ፡ ካብ መንግስቲ ካናዳ ን6ተ ወርሒ፡ ካብ ናይ ግሊ ስፖንሶርካ ከዓ ነተን ዝተረፋ 6ተ ወርሒ ወይ ነብስኻ ክሳዕ ትኽእል፡ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ።

ናይ ግሊ ስፖንሶርካን ናይ መንግስትን ሓገዝ ምስ ኣእከል፡ ናይ መነባብሮኻ ወጻኢታት፡ ከም እኒ መግቢ፡ ገዛ ኽራይ፡ ኤለክትሪክ፡ ማይ፡ ክዳዉንቲ፡ ቀረጽ ወዘተ ምሽፋን ናትካ ሓላፍነት ኢዩ። ናይ ገንዘብ ባጀት ወይ ቁጠባ ምፍላጥ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኢዩ።

ድሕሪ 12 ወርሒ ስራሕ እንተዘይረኺብካ እሞ ስድራኻ ንምእላይ ሓገዝ እንተኣድሊዩካ፡ ዝተፈላለያ ናይ ኮሙኒቲ ኣገልግሎታት ከም እኒ ባንኪ መግቢ፡ ከምኡ ካልኦት ንዝተሸገረ ሓገዝ ዘወፍያ ናይ ግብረ ሰናይ ትካላት ኣለዋ። ዝተፈላለየ ንዝተሸገሩ ሰባት ዝሕግዝ ናይ መንግስቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ፕሮግራማት እዉን ኣሎ፡ እንተኾነ ግን ካብዚ ፕሮግራማት እዚ ጥቅሚ ንምርካብ ከተማልኦም ዘለካ ረቋሒታት ኣለዉ። ኣብ ትነብረሉ ዘሎኻ ኮሙኒቲ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዘሎ ዝያዳ ሓበረታ ንምርካብ ንስፖንሶርካ ሕተት።

ኣብ ዓዲ ንዘለዉ ስድራ ቤትካ ገንዘብ ክትሰድድ እዉን ትደሊ ትኸዉን። ከምኡ ክትገብር ነጻ ኢኻ፡ ግን ብዙሓት ሰባት ኩሉ ወጻኢታት ናቶም ሸፊኖም ንዓዲ ዝስደድ ዝያዳ ገንዘብ ክተርፎም ኣሸጋሪ ኮይኑ ይረኽቡዎ። ብዙሓት ነገራት ኣብ ካናዳ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝለመድካዮ ንላዕሊ ወጪ ክህልዎም ይኽእል።

# ቤት ትምህርቲ



ደቅኻ መባእታ ትምህርትን ካልኣይ ደረጃ ትምህርትን ክመሃሩ ገንዘብ ኣይተኸፍልን እኻ። ኩሎም ካብ 6 ክሳዕ 16 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ትምህርቲ ክኸዱ ናይ ግድን ኢዩ። ሕጊ ኢዩ። መብዛሕትኦም ተመሃሮ ክሳዕ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዲፕሎማ ዝወስዱ (ከባቢ 18 ዓመት) ትምህርቲ ይኸዱ።

ካልኣይ ደረጃ ምስ ወድኡ፡ ደቅኻ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኮለጅ ክኣትዉ ይኽእሉ። ኮለጅን ዩኒቨርሲቲን ገንዘብ ኢዩ ዝኸፈሎም፡ ግን እታ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ፡ ስኮላርሺፕ፡ ነጻ ገንዘብ (ግራንት)፡ ወይ ናይ ተመሃራይ ለቓሕ ክትህቦም ከእለት ክህልዋ ይኽእል።

# ናይ ኣካላትን ናይ ስንን ጥዕና



ከም ናይ ሓዋሩ ተቐማጢ ናይ ካናዳ፡ ንመብዛሕቱኡ ናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ኣይተኸፍልን ኢኻ፡ እንኮናይ ሓኪም ምርኣይን ሆስፒታልን።

ካናዳ ምስ ኣቶኻ ግዜያዊ ናይ ፈደራላዊ መንግስቲ ናይ ጥዕና ዋሕስነት ማለት ኢንሹራንስ (IFHP) ክወሃበካ ኢዩ። IFHP መሰረታውያን ንጥዕና ዘድልዩ ኣገልግሎታት (ከም ሓኪም ምኻድ፡ ሆስፒታል ምኻድ) ክሳዕ ንናይ ጠቕላይ ግዝኣት ወይ ኣውራጃዊ ዋሕስነት ዘድልዩ ኩነታት ክሳዕ ተማልእ ይሸፍነልካ፡ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዉሽጢ 3 ወርሒ ይሰልጥ። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ንናይ ትቕመጠሉ ዘሎኻ ጠቕላይ ግዝኣት ወይ ኣውራጃ ናይ ጥዕና ዉሕስና ኣመልክት።

ናይ IFHP ናይ ዉሕስነት ወረቀትካ ኣብ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ኣብ ዝኸድካሉ ግዜ ከተርኢ ኣገዳሲ ኢዩ። ኣብ ኩሉ በታታት ካናዳ ካብ ኩሎም ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ክህቡ ዝተመዝገቡ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል። ዝርዝር ናይ ዝተመዝገቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ኢንተርነት ኣብ ትሕቲ "IFHP ወሃብቲ ድለ" ዝብል ኣርእስቲ ይርከብ።

IFHP ኣፋዉስ፡ ከምኡ እዉን ናይ ህጹጽን ናይ መሰረታዊ ጥዕና (ንኣብነት ናይ ኣእምሮ ጸገም፡ ንድሩት ናይ ዓይኒ ሕክምና፡ ከምኡ ንቃንዛን ረኹስን ዝህድእ ናይ ስኒ ሕክምና) ኣገልግሎታት ይሸፍን። ተወሳኺ ናይ ጥዕናን ናይ ኣፋዉስን ዉሕስና ክሳዕ ካብ መንግስቲ ካናዳን ናይ ግሊ ስፖንሶርካን ናይ ገንዘብ ኣታዊ ትረኽበሉ ግዜ ኣሎ።

ናይ IFHP ጥቕምታትን ኣገልግሎታትን ብሓጺሩ ዝገልጽ ኣብ ናይ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ወብ ሳይት ወይ መርበብ ሓበረታ ኣሎ።

ስፖንሶርካ ናይ ስድራ ሓኪም ንምምራጽ፡ ሓኪም ስኒ ንምርካብ፡ ከምኡ ድማ አድላዪ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ናይ አእምሮን ናይ ጭንቀትን ኩነታት ምኽሪ ዝህቡ ንክትራኸብ ይሕግዘካ።

ኩለን ጠቅላይ ግዝአታትን አውራጃታትን ነናተን ናይ ጥዕና ዋሕስና ፕላን አለወን። ፕላን ናትካ እንታይ ከም ዝሸፍን አረጋግጽ። ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ስፖንሶርካ ንዘድሊዩ ዶኩመንቲ ወይ ወረቓቅቲ ንምምልካት ክሕግዘካ ኢዩ።

አብ ካናዳ ሓድሽቲ ስደተኛታት፡ ማብዛሕትኡ ጊዜ ጽምዋን ዝተገለሉን ኮይኖም ብቅጹል ናይ አእምሮ ጽቅጠት ይስምዖም ብሰንኪ ዘሕለፍዎ ከቢት ኩነታት። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት፡ ብዙሕ ናይ ነጻ አገልግሎትን ብሙያ ብዝሰልጠኑ እሞ ክትዛረቦምን ከሕውዩኻን ዝኽእሉ ሰባት አለዉ። ሓገዝ ዘድልየካ እንተ ኾይኑ፡ ንስፖንሶርካ ብዛዕባ ክወሃበካ ዝኽእል ናይ አእምሮ ጥዕናን ምኽርን አገልግሎት ሕተት።

## ክታበት

አንጻር ሕማም ክታበት ምውሳድ፡ እቲ ዝበለጸ ዉሕስነትን ውጽኢትን ዝርከቦ፡ ካብ ሕማምን፡ ናይ ሕማማት ምትሕልላኻትን፡ ከምኡ ከዓ ካብ ብዘይ ጊዜኻ ካብ ሙማት ዝከላኸል መገዲ ኢዩ።

ክታበት ንናይ ነብስኻ ናይ ምክልኻል ክእለት ብምህናጽ ወይ ምብርታዕ ኢዩ ዝሰርሕ። ከም ኩሎም አፋዉስ አብ ካናዳ፡ ክታበት ብዕቱብ ምርመራን ፍቓድ ናይ ምሃብ አገባብ ወይ ፕሮሰስን ኢዩ ዝሓልፍ ቅድሚ ናብ ሓፋሽ ምዝርጎሑ። ካናዳ ቅድሚ ምምጻእካ፡ አብ ጊዜ ናይ ሕክምና መርመራኻ፡ ብመንግስቲ ካናዳ ዝተመዘዘ ሓኪም ናይ ቀደም ክትባትካ ንምሕዳስ ክሓተካ ይኽእል። እዚ አገልግሎት እዚ ብፍታውካ ዝግበር ኢዩ። እንተድአ አብ ወጻኢ ክትክተብ መሪጽካ፡ ናይ ክታበትካ ወረቓቅቲ ንካናዳ ሒዝካዮም ክትምጽእ ይግበአካ።

አብ ካናዳ ምስ አቶኻ፡ ብዙሓት ክታበታት፡ አብ ትሕቲ ናይ ጠቅላይ ግዝአት ወይ አውራጃ ናይ ሕክምና ዉሕስነት ፕላን ዝአተዉ ኢዮም። ንስኻን ሰድራ ቤትካን ብክታበት ክከላኸሎም ዝኽእል ሕማማት ክትጥቁዑ ትኽእሉ ኢኹም፡ ካብ ኩሉ ቅድሚ ሕጂ ዘይተኸተብካ እንተ ኾንካ። ካብ ኩሉ ሕጻናትን ቆልዑትን ብሐደሓደ ብቀሊሉ ብቅድመ ምክልኻል ክውገዱ ብዝኽእሉ ሕማማት ስለ ዝጥቅዑ አብ ገሊአቱ ቦታታት ናይ ካናዳ፡ ቆልዑት ኩሉ ክታበቶም ቅድሚ ትምህርቲ ወይ መዋዕለ ሕጻናት ምጅማሮም ክወስዱ ይግደዱ።

ስፖንሶርካ፣ ሓኪምካ ወይ ናይ ሕክምና ክሊኒክ ክታበትካ ከመይ ገርካ ከተሓድስ ከም እትኽእል ዝያዳ ሓበረታ ክህቡኻ ይኽእሉ።

ንነብስኻን ንስድራ ቤትካን ፈውሲ ክታበት ምውሳድ ናትካ ናይ ግሊ ውሳኔ ኢዩ። ግን ዘክር፡ ክታበት ምስ ወሰድካ፡ ንነብስኻን ንኻልኦትን ካብ ዝተወሰኑ ሕማማት ትከላኸል፡ ከምኡ እውን ናብቶም ብቀሊሉ ብሕማም ክትቅዑ ዝኽእሉ ወገናት ሕማም ከይዝርጋሕ ትሕግዝ።

# መግብን ማይን



ማይ ናይ ካናዳ ክትሰትዮ ሓደጋ ወይ ሕማም የብሉን። ኩሉ ገዛውቲ ናቱ ማይ ውዑን ዝሑልን ቡምባ አለዎ። ማይ አብ ዝደለኻዮ ጊዜ ለይቲ ወይ መዓልቲ ክትረክብ ትኽእል።

ክትዕድጎ ትኽእል ዓይነት መግቢ ከምቲ ዘሎኻዮ ኮሙኒቲ ይፈላለ። ዓበይቲ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ሰብ ዘለወን ከተማታት ብርግጽ ከምቲ ንስኻ ትበልዖ መግቢ ክህልወን ኢዩ። ንአሽቱ ኮሙኒቲታት ግን ዝወሓደ ዓይነት ይርከበን።

ዝተፈላለዩ ዓለት ደቂ ሰባት አብ ካናዳ ይነብሩ፡ እዚ ማለት ዝተፈላለየ ዓይነት መግብታት ካብ ዝተፈላለየ ባህልታት አሎ፡ ማለት ኢዩ። ብዙሕ ጊዜ ፍሉያት ድኳናት ዝተፈልየ ዓይነት መግብታት ዝሸጣ አለዋ። ገሊአቱ መግቢ ካብቲ ንስኻ ዝለመድካዮ ንላዕሊ ክኸብር ይኽእል፡ እዚ ብምኽንያት ኩነታት አየር ካናዳ ገሊአቱ መግቢ ካብ ወጻኢ ክጥለብ ስለ ዘለዎ ኢዩ።

# ሃይማኖት

አብ ካናዳ ብዙሓት ሃይማኖታት አለዋ። ሃይማኖትካ ብነጻ ከተዘውትር ፍቃድ አለካ። ሕጊ መንግስቲ ካናዳ ዝተፈላለየ ዓይነት ሃይማኖት ዘዘውትሩ ሰባት ከተኽብር ይሓተካ። ሃይማኖትካ እንታይ ምኽዋኑ፡ ወይ ሃይማኖካ ብሓይሊ ክትቅይር አይክትሕተትን ኢኻ። ናይ ሃይማኖት ናጻነት ካብቶም መሰረታውያን ዝኾና መሰላት ናይ ካናዳ ሓንቲ ኢያ።





ዋላ ብዙሓት ብግሊ ስፖንሶር ዝገብሩ ከዓ ሃይማኖታውያን ይኹኑ እምበር፡ ሃይማኖትካ ብነጻ ከተዘውትር ቀጽል። እዞም ሰባት እዚአቶም፡ ብዘይ ምንም ተጽዕኖ፡ ብገዛእ ፍቃዶም ንካናዳ ክትመጽእ እሞ ምስ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ዕዉት ብዝኾነ መገዲ ክትጽንበር ክሕግዙኻ ዝደለዩ ሰባት ኢዮም።

# ኩነታት ኣየር






ኣብ ካናዳ 4 ወቕቲ ኣሎ፡ ጽድያ፡ ሓጋይ፡ ቀውዒ፡ ክረምቲ። ካናዳ ገፊሕ ዓዲ ስለዝኾነ ኩነታት ኣየር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕቲ ካብ ሓደ ቦታ ናይ ሃገር ኣብ ካልእ ክፈላለ ይኽእል።

ጽድያ (መጋቢት፤ ሚያዝያ፤ ግንቦት) ናይ ዝንብ ጊዜ ኢዩ ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ናይ ካናዳ፡ ኩነታት ኣየር ከአ ዝሑል ክኸዉን ይኽእል። ኣብ ሓጋይ (ሰነ፤ ሓምለ፤ ነሓሰ) ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ካናዳ ብጣዕሚ ሃሩር ይገብር። ብቐትሪ ሙቐት ብጠቕላላ ካብ 20 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ንላዕሊ፡ ብዙሕ ጊዜ ከዓ 30 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ይሓልፍ።

ኣብ ቀውዒ (መስከረም፤ ጥቅምቲ፤ ሕዳር) ኩነታት ናይ ኣየር ይዝሕል፡ ብዙሕ ማይ እዉን ክሃርም ይኽእል። ኣብ ክረምቲ (ታሕሳስ፤ ጥሪ፤ የካቲት) ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ብጣዕሚ ቆራሪ ኮይኑ ሙቐት ካብ 0 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ንታሕቲ ኢዩ። በረድ ከዓ ንመሬት ካብ ታሕሳስ ክሳዕ የካቲት ወይ መጋቢት ይሸፍኖ። ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ናይ ብሪቲሽ ኮሎምቢያ (ከባቢ ቪክቶሪያን ቫንኩቨርን)፡ ካብ በረድ ንላዕሊ ዝያዳ ዝናብ ይገብር።

ዝመጻእካሉ ቦታ ግምት ብምእታው፡ ኣብ መጀመርያ ክረምትኻ፡ እቲ በረድን ቁርን ብጣዕሚ ክገርመካ ይኽእል። ንዑዑ ዝግባእ ክዳዉንቲ ብምኽዳን፡ እቲ ፍሉይ ዝኾነ ጽባቔ ናይ ካናዳ ክረምቲ ከተስተማቅሮ ድሉው ክትከዉን ኢኻ። ስፖንሶርካ፡ ቆቡዕ፡ ሳእኒ፡ ጓንቲ ከምኡ ውን ናይ ክረምቲ ካቦት ንስድራኻ ክትዕድግ ክሕግዘካ ኢዩ።

# ናይ መጨረሻ ናይ ለበዋ ቃላት

አብ ካናዳ ሓዲሽ ሂወት ምጅማር ዘደስትን ብሓደሽቲ ዕድላት ዝመልአን ኢዩ። ይኹን እምበር ዝምከቱ ኩነታት እዉን አለዉ። ገሊአቶም ሰባት ምስ ሓዲሽ ናብራ ምልምማድ ይብርትዖም። ጊዜ ይወስድ፡ ስለዚ ትዕግስቲ ግበር። ብዙሓት ሓደሽቲ ከማኻ ከም ዝተለማመዱን ምሉእ ብምሉኡ ከአ አብ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ከምዝአተዉን ዘክር።

ሰባትን አገልግሎታትን አለዉ ክሕግዙኻ። ብዛዕባ ዝኾነ ሻቅሎት ወይ ሕቶታት መልሲ ክህበካ ስፖንሶር ናትካ አሎ። ናትካ ጥቅሚ ኢዮም ዘናድዩ። ምስ ናይ ካናዳ [ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ናይ ኢሚግረሽን ቤት ጽሕፈት](www.canada.ca/immigration) እዉን ብዛዕባ ማመልከቻ ወይ አፕሊከሽን ናትካ ሕቶ እንተለካ ተራኸብ።

ካልኦት ክጠቅሙኻ ዝኽእሉ ጉጅለታትን አገልግሎታትን፡ ናይ ኮሙኒቲ ጉጅለታት፡ ናይ ሃይማኖት ጉጅለታት፡ ምኽሪ ዝህቡ አገልግሎታት፡ ሓደሽቲ ከስፍሩ መንግስቲ ገንዘብ ዝህቦም ትካላት አለዉ። እዚአቶም ጉጅለታት ኩሎም ብዝተፈላለየ መልከዕ ንሓደሽቲ ናይ ምስፋር ተመክሮ ወይ ልምዲ አለዎም። ሓገዝ ንምሕታት አይትፍራሕ።

አብ ዝኾነ ጊዜ እንተድአ ተኸላቢትካ ወይ ተመዝሚዝካ ኮይኑ ተሰሚዑካ፡ ወይ ብስፖንሶርካ ክትወሃብ ኢሎም መብጽዓ ዝአተዉልካ እንተዘይተቀቢልካ፡ ብህጹጽ ምስ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ብኢመይል [IRCC.INPSR- PPPRRI.IRCC@cic.gc.ca](mailto:IRCC.INPSR-PPPRRI.IRCC@cic.gc.ca) ተራኸብ።

ምስ ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን ዜግነትን ካናዳ ምርኻብ ናይ ገንዘብ ሓገዝካ ወይ አብ ካናዳ ናይ ምቅማጥ ኩነታትካ አብ ሓደጋ አየጋልጽን ወይ አይተጥፍእን ኢዩ።

አብ መጨረሻ፡ ንኽትቀራረብ ብዙሕ ሓበረታ ዝሓዘላ ወብ ሳይታት አለዋ። ናይ ጠቅላይ ግዝአት ወብ ሳይታት ብዙሕ ጠቃሚ ሓበረታ፡ ከም እኒ፡ ብዙሕ ጊዜ ዝሕተት ሕቶታት፡ ናይ ኮሙኒቲ ሊንክታት፡ ዜናን ፍጻሜታትን ዝመሰሉ ይህባ። ናይ መንግስቲ ካናዳ ወብ ሳይት ዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ ህይወት አብ ካናዳ፡ ዝርዝርን ካርታን ናይ አስፈርቲ ትካላት አብ ኮሙኒቲታት ናይ መላእ ሃገር፡ ሓበረታ ብዛዕባ ነጻ ናይ ቋንቋ መርመራን ትምህርትን፡ ከምኡ ውን ዝያዳ ንጉዕዞኻ ንምቅርራብ ዝኸዉን ሓበረታ አለዎ።

www.canada.ca/immigration